ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ናዕዴር ዓዴት ኣብቲ ወረዳ ንዝርከባ ዝተፈላለያ ሴክተራት ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቁሑትን ጎማን ንምግዛእ፣ ንቤት ፅሕፈት ማይ ሃፍቲ ዝተፈላለዩ ጣብያታት ንዝስርሑ ናይ ዳይቨርሽን ቼክ ዳም ናይ ማይ መከፋፈሊ ናቁጣ ፍልፍል ምዕባለ ስራሕቲ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግን ከስርሕን ስለዝደለዩ ነዞም ዝተገለፁ ዓየነት ዕድጊት ስራሕን ንናይባዕሎም ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም መቅረብቲን ኣናሽቲ ንግዲ ትካላትን ከምዝስዕብ ዝተዘርዘሩ መዐቀንታት እተማልኡ ንክትወዳደሩ ንዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 5, 2008 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 18, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ናዕዴር ዓዴት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 18, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

1 ኣብ ዳይቨርሽን ቼክ ዳም ፍልፍል ምዕባለን ናይ ማይ መከፋፈሊ ናቁጣ እትወዳደሩ ብኣናእሽተይ ንግዲ ትካላት ዝተወደቡ ብብርኪ 8 ብናይማይ ህንፀት ስራሕቲ ንግዲ ፍቃድ ብቅዓ ት መረጋገፂ ናይ መቅረባይ ካርዲ ናይ ደቀቅትን ኣናእሽተይን ትካላት ንግዲ ሰርትፍኬት ዝተሓደሰ ናይ 2008 ዓም ዘለኩም ንክትወዳደሩ ንዕድም

2 ንኩሎም ዓይነታት ጨረታ ተወሳኪ እሴት ታክስ ቲን ነምበር ናይ መቅረባይነት ካርዲ ዝተመዝገኩም ዘለኩም

3 ኣብ ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቁሑ እትወዳደሩ ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቁሑ ንግዲ ፍቃድ ናይ መቅረባይ ካርዲ ዝተሓደሰ ናይ 2008 ዓም ዘለኩም ንክትወዳደሩ ንዕድም

4 ናይ ቫት ዲክላረሽን በቢወርሒ ኣታዊ ዝገበረሉ ክሳብ ጥቅምቲ 30 2008 ዓም ኣታዊ ዝገበርኩምሉ መረዳእታ ዘተሓሕዘ ክከዉን አለዎ

5 ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሐሉ እዋን ንሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቁሑ ካብ 28/ 03 /2008 ዓም ክሳብ 18/ 04 /2008 ዓም ሰዓት 5 ፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ መዓልቲ ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋናን ቅዳሕን ንንበይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ተዓሺጉ ኣብ ቤት ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ዝርከብ ሳፁን ክተእትዉ ትክእሉ

6 ንሞተር ሳይክል ናይ መለዋወጢ ጨረታ ዝክተሉ ዕለት 18 /04/ 2008 ዓም ሰዓት 5፡ 00 ናይ ንግሆ ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

7 ንዳይቨርሽን ፍልፍል ምዕባለ ንማይ መከፋፈሊ ናቁጣ ቼክ ዳም ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሐሉ እዋን ካብ 28/ 03/ 2008 ዓም ክሳብ 19/ 04/ 2008 ዓም ሰዓት 5 ፡00 ናይ ንጉሆ ኣብ ዘሎ መዓልቲ ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋና ምስ ክልተ ቅዳሕን ንንበይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ተዓሺጉ ኣብ ቤት ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ዝርከብ ሳፁን ክተእትዉ ትክእሉ

8 ንዳይቨርሽን ፍልፍል ምዕባለ ፣ንማይ መከፋፈሊ ናቁጣ ፣ቼክ ዳም ዝክተሉ ዕለት 19/ 04/ 2008 ዓም ሰዓት 5፡ 30 ናይ ንግሆ ተጫራታይ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

9 መክበሪ ጨረታ መሸጢ ሰነድን ኣብ ዝተዳለወ ዝርዝር ሰነድ ስፐስፊኬሽን ተቀሚጡ ይርከብ ካልኦት አድለይቲ ዝባሃሉ ሓበሬታ ዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብዝበለፀ ኣብ ዝተዳለወ ስፐስፊኬሽን ተቀሚጡ ስለ ዘሎ ኣብኡ አምቢብኩም ምርዳእ ትክእሉ

10 ብጨረታ ዝሰዓርኩም መቅረብቲ ኣብ ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቁሑ ብናይ ባዕሎም መጋዕዝያ መፅዐንን መራገፍን ወፃኢ ሸፊኖም ናብ ቤት ፅሕፈት ከተማ ኣብ ዉሽጢ 13 መዓልቲ ከረክቡ ክክእሉ ኣለዎም ኣብ ናይ ዳይቨርሽን ስራሕቲ ኣብ 90 መዓልቲ ኣብ ቼክ ዳም ኣብ 60 መዓልቲ ኣብ ናይ ማይ መከፋፈሊ ፍልፍል ምዕባለ ኣብ 40 መዓልቲ ተሰሪሑ ተወዲኡ ርክክብ ክፍፀም አለዎ

11 ቤት ፅሕፈት በቲ ዘቅረቦ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እነተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይንድማ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ:: ልብ በሉ አብዚ ወፂኡ ዘሎ ጨረታ መብራህርሂ ክሓትት ዝደለየ መቅራባይ ስልኪ ቁፅሪ 0345570156 ወይንድማ 0345570157 ደዊልኩም ንናይ ዕዳጋታት ኪኢላታት ምሕታት ትክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle